Maahanmuuttovirasto
Migrationsverket
Finnish Immigration Service

# ምምራጽ ሓተቲ ዑቕባ ናብ ፊንላንድ

**እዚ መምርሒ ነዓኻ ካብ ዓድኻ ናብ ካልእ ሃገር ዝሃደምካ እዩ። ካብ ዓድኻ መህደሚኻ ንኣብነት ብሰንኪ ኲናት ወይ ምህዳን ወይ ድማ ግጭት እንተኾይኑ፡ ኣብ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ትካል ስደተኛታት (UNHCR) ከም ዓሚል ተመዝጊብካን ዓለማዊ ዑቕባ ሓታቲን እነተለኻ።**

## 1. ንፊንላንድ ዘቕረቦ መግለጺ ካብ UNHCR



ንሰራሕተኛታት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ትካል ናይ UNHCR ብዛዕባ ዑቕባ ዘሕተተካ ምኽንያታትን ከምኡ'ውን ኣብ ዓድኻንን እትነብረሉ ሃገርንን ዘሎ ኩነታትን ነጊርካዮም ኣለኻ። UNHCR ዳግመ፡ምጥያስ ከምዘድልየካ ወሲኖም ኣለዉ።

ናይ ዳግመ፡ምጥያስ (ሙዉዛዕ) ክትመርጽ ኣይትኽእልን ኢኻ፣ UNHCR እዮም ናበይ ከምትዉዛዕ ዝውሱኑ። ፊንላንድ ድማ ዝተወሰኑ ዑቕባ ሓተቲ ናብ ፊንላንድ ክቕርቡ ኣይትሓትትን እያ። እዚ ማለት ፊንላንድ ነቶም ትቕበሎም ሓተትቲ ዑቕባ ኣይተማርጽን ኢያ።

UNHCR ኣብ ፊንላንድ ንኽትቅመጥ ንፊንላንድ ኣቕሪቡ ኣሎ። UNHCR ብዛዕባ ኩነታትኩም ሓበሬታ ዝሓዘ መግለጺ ናብ ኣገልግሎት ኢሚግሬሽን ፊንላንድ ኣቕሪቡ ኣሎ።

## 2. ናይ መጻሪዪ ቃለ መጠየቕ ማለት ድሕሪ ዑቕባ ምሕታትኩም ትገብርዎ ናይ መጀመርታ ቃለ መጠየቕ እዩ



ፊንላንድን ነቲ ብዛዕባኻ ካብ UNHCR ዝቐረበ ኣቀራርባ ተቐቢላ ቃለ መጠየቕ ክትገብረልካ እያ። እቲ ናይ መጻሪዪ ቃለ መጠየቕ ምምራጽ ግን ኣብ እቲ ቃለ መጠየቕ ዝግበረሉ ሃገር ወይ ካብ ፊንላንድ ብርሑቕ ዝዳሎ እዩ።

ልኡኽ መምረጺ ፊንላንድ ካብ ዝተፈላለያ ትካላት ዝመጹ ሓለፍቲ ኣለዉዎ። እቲ መምረጺ ልኡኽ ብዛዕባ'ቲ ናብ ስደተኛነት ዝመርሕካ ምኽንያታትን ኣብ ዓድኻን እትነብረሉ ሃገርን ዘለካ ኩነታትን ተወሳኺ ሕቶታት ክሓተካ እዩ። በቲ ናይ ቃለ መጠየቕ መሰረት ዳግመ፡ምጥያስ (ሙዉዛዕ) ንዓኻ ዝበለጸ ፍታሕ ድዩ ኣይኮነን ክፈልጥ እዩ። እቲ እትህቦ ሓበሬታ በቶም ነቲ ሓበሬታ ናይ ምርካብ መሰል ዘለዎም ሰበስልጣን ፊንላንድ እዩ ዝካየድ። ሓበሬታኻ ንኣብ ዓድኻ ንዝርከቡ ሰበስልጣን ኣይወሃብን እዩ።.

ኣብታ ቃለ መጠየቕ ዝካየደላ መዓልቲ፡ ብዛዕባ ምጥርናፍ ስድራቤትን መስርሕ ውልቃዊ መረዳእታኻን መምርሒታት ክወሃበካ እዩ።

## 3. ውሳነ ኣገልግሎት ኢሚግሬሽን ፊንላንድ



ኣገልግሎት ኢሚግሬሽን ፊንላንድ እቲ ናይ መጻሪዪ ቃለ መጠየቕ ምስተገበር ውሳነ ንኽውስን ኣስታት ክልተ ወርሒ ይወስድ።

ብዛዕባ ውሳነ ምምራጽ ፊንላንድ ሓበሬታ ቅድሚ ምርካብካ ናይ ገዛእ ርእስኻ ወይ ናይ ስድራቤትካ ኩነታት እንተተቐይሩ፡ ብዛዕባ እቲ ለውጢ ሓበሬታ ንUNHCR ሃብ። ከምዚ ዓይነት ለውጢ ንኣብነት ሓድሽ ሓዳር፡ ጥንሲ ወይ ለውጢ ርክብ ሓበሬታ ክኸውን ይኽእል።


Maahanmuuttovirasto
Migrationsverket
Finnish Immigration Service



## 4. መንበሪ ፍቓድ ምርካብ

ከም ሓታቲ ዑቕባ ናብ ፊንላንድ እንተተመሪጽካ፥ ኣገልግሎት ኢሚግሬሽን ፊንላንድ መንበሪ ፍቓድ ክህበካ እዩ። ብዛዕባ ውሳነኻ ሓደ ሰራሕተኛ ናይ UNHCR ክነግርካ ኢዩ።

## 5. ትምህርቲ ብዛዕባ ሕብረተሰብ ፊንላንድ



እቲ ዕላማ ኣብ እትነብረሉ ሃገር ካብ 3-4 መዓልታት ዝጸንሕ ትምህርቲ ብዛዕባ ሕብረተሰብ ፊንላንድ ንምድላው እዩ፣ ኣብኡ ድማ ብዛዕባ ናብ ፊንላንድ ምግዓዝ፣ ሕብረተሰብ ፊንላንድን፣ ቋንቋ ፊንላንድ እትመሃረሉን ሓበሬታ ክወሃበካ እዩ። እቲ ስልጠና ምስ ተርጓሚ ወይ ብቋንቋ ኣደኻ ዝዳሎ እዩ። ዓለም ለኻዊ ትካል ስደት (IOM) ብዛዕባ ዕለት እቲ ስልጠናን ምስቲ ስልጠና ዝተኣሳሰሩ ኣሰራርሓታትን ክሕብረኩም እዩ። ፊንላንድ ኣብ እዋን ስልጠና ንዝገበርካዮ ስልጠናን ጽገናን ትኸፍል።

## ፮. ናብ ፊንላንድ ምግዓዝ



ሰበስልጣን ፊንላንድ ኣብ ፊንላንድ ትቕበለካ ከተማ ከዳልዉልካ እዮም። ኣብ ከተማኻ ገዛ ይህቡኻ ከምኡ'ውን ደገፍ፣ መምርሕን ምኽርን ብዛዕባ ትምህርትን ስራሕን ይህቡኻ። ከምኡ'ውን ደገፍ፣ መምርሕ፣ ምኽርን ብዛዕባ ማሕበራውን ጥዕናውን ኣገልግሎት ይህቡኻ። ከምኡ'ውን ደገፍ፣ መምርሕ፣ ምኽርን ብዛዕባ ቤት-ትምህርቲ ህጻናትንን ቤት ትምህርትንን ይህቡኻ።

ኣብቲ እትነብረሉ ከተማኻ ገዛ ምስ ተመደበልካ፡ IOM ብሕቶ ኣገልግሎት ኢሚግሬሽን ፊንላንድ ናብ ፊንላንድ እቲ ትገብሮ መገሻ ከዳልዉልካን ንኽትገሾ ዘድልያካ ሰነዳትን ከረክበካ እዩ። IOM ክረኽበካን ነቲ ግብራዊ ናይ ጉዕዞ ምድላዋት ዘድሊ ነገራት ኣብ ክንዳኻ ክዉድኦ እዩ። ኣገልግሎት ኢሚግሬሽን ፊንላንድ ካብቲ እትነብረሉ ሃገር ናብ ፊንላንድ ናይ ጉዕዞኹ ክኸፍለልካ እዩ።

ቀይሕ መስቀል ፊንላንድ (SPR) ኣብ ፊንላንድ ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ (ኣርፖርት) ሄልሲንኪ-ቫንታ ክቕበለካእዩ። ካብ መዓርፎ ነፈርቲ (ኣርፖርት) ጉዕዞኻ ናብቲ እትነብረሉ ከተማ ይቕጽል፡ ኣብኡ ድማ ናብ ሓድሽ ገዛኻ ትበጽሕ።

## ተወሳኺ ሓበሬታ

ሓበሬታ
ብዛዕባ ናይ ጥርናፈ ስድራቤት፥
link.migri.fi/perheenyhdistaminen-ti

ሓበሬታ
ብዛዕባ ኣተሓሕዛን ናይ ውልቃዊ መረዳእታኻ፥ link.migri.fi/henkilotietojen-kasittely-ti